ዜናዊ መግለጺ

# ኣልበርታ ክኢላዊ ሞያታት ትጽውዕ ኣላ።

ግንቦት 01, 2024 ሕቶታት ካብ ጋዜጠኛታት (Media inquiries)

## ኣልበርታ ትጽውዕ ኣላ (Alberta is calling)፣ ኣብ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ኣልበርታ ወሳኒ ተራታት ንምምላእ ዝሕግዙ ናይ ሞያ ክኢላታት ትመርጽ/ትከታተል ኣላ።

ኣልበርታ ኣብ ካናዳ ኣብ ወፍርን ምፍጣር ስራሕን መራሒት ኰይና ትቕጽል ኣላ። ሰራሕተኛታት ኣልበርታ ካብ'ተን ክፍለ-ሃገራት ዝለዓለ ሰሙናዊ ኣታዊታት ዘለዎም ኰይኖም ይቕጽሉ ኣለዉ፣ ንሓደ ሰብ ዝግበር ወፍሪ ካብ ካናዳ ዝለዓለ ኰይኑ ሓቀኛ ጃምላ ዘቤታዊ ምህርቲ (GDP) ድማ ኣብ'ዚ ዓመት ካብ ሃገራዊ ገምጋም ብ2.9 ሚእታዊት ክቕድም ትጽቢት ይግበር - እዚ ኩሉ ንዕብየት ስራሕ ንምድራኽ ይሕግዝ ኣሎ። ዝያዳ ስራሓት እናተፈጥሩ ምስ ከዱ፣ ማዕረ ማዕሪኡ ንምኻድ ኩባንያታት ዝያዳ ክኢላታት ሰራሕተኛታት የድልየን።

ኣብ'ቶም ክኢላዊ ሞያታት ወሰንቲ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ንምምላእ ንምሕጋዝ፣ መንግስቲ ኣልበርታ ሳልሳይ መድረኽ/ገጽ ናይ'ቲ ዕዉት ወፍሪ ኣልበርታ ትጽውዕ ኣላ (Alberta is calling) ኣበጊሱ ኣሎ፣ እዚ ወፍሪ'ዚ (campaign) ሕጂ ኣብ ብሪቲሽ ኮሎምብያ፣ ኲቤክን ኦንታርዮን ኣብ ዕዳጋ ይርከብ። እዚ ወፍሪ ብናይ ኣልበርታ ትጽውዕ ኣላ ተንቀሳቓሲ ተወሳኺ ክፍሊትን (Alberta is Calling Moving Bonus) ዝበራታዕ ኢዩ - ንሓደ-ግዜ፣ $5,000 ዝኽፈል ተመላሲ ግብሪ (refundable tax credit) ንክኢላታት ናይ ሞያ ሰራሕተኛታት ናብ ኣልበርታ ክመጹ ንምስሓብ ዝዓለመ ኰይኑ፣ ንሓንቲ እናዓበየት እትኸይድ ዘላ ክፍለ-ሃገር ንምድጋፍ ዘድልዩ ኣባይትን ትሕተ-ቅርጽን ንምህናጽ ንምሕጋዝ ኢዩ።

Classification: Public

“ቀጻሊ ቁጠባዊ ዕብየት ኣልበርታ ካብ መላእ ሃገር ንዝመጽኡ ክኢላታት ሰራሕተኛታት ብዙሕ ዕድላት የቕርብ። ኣልበርታ ትጽውዕ ኣላ (Alberta is Calling) ዝብል ጎስጓስን ተንቀሳቓሲ ተወሳኺ ክፍሊትን (Moving Bonus) መንግስትና ንልዑል ክእለታት ንምስሓብን ንብልጽግና ክፍለ-ሃገርና ንምቕጻል ወሰንቲ ዝኾኑ ጽላታት (sectors) ድሌታት ሓይሊ ዕዮ ንምምላስን ዘለዎ ተወፋይነት ደጊሞም የረጋግጹ። ከምኡ’ውን ንዝሰፍሕ ዘሎ ትሕተ ቅርጺ ድሌታትና ንምድጋፍ ኣፍረይቲ ስራሓት ብኣፍረይቲ ሰራሕተኛታት ንምምላእ ዕቱባት ምኳንና ዘርኢ ኢዩ።”

*ማት ጆንስ ሚኒስተር ዕዮታ፣ ቁጠባን ንግድን*

ናይ’ታ ክፍለ-ሃገር መንበርን ዘይመንበርን ጽላታት ህንጻ ኣብ ዝቕጽሉ ዓሰርተ ዓመታት ቀጻሊ ዕብየት ክርእዩ ትጽቢት ይግበር። ናይ’ዚ ቀረባ እዋን ትንበያ ካብ ቢልድፎርስ ካናዳ (BuildForce Canada) ኣብ ኣልበርታ ኣብ መንጎ 2024ን 2033ን ድምር ስራሕ ህንጻ ብተወሳኺ 14,000 ሰራሕተኛታት ክውስኽ ምኳኑ ይእንፍት። ኣብ’ታ ክፍለ-ሃገር ምስ ምጅማር ምውሳኽ ኣባይትን ብብዙሕ ቢልዮናት ዶላር ዝግመት ዝግበር ዘሎ ወፍሪን፣ ከም ፕሮጀክት ዳው ፓስ2ዚሮ (Dow Path2Zero) ኣብ ፎርት ሳስካቸዋን (Fort Saskatchewan)፣ ኣድላይነት ናይ ሞያ ሰራሕተኛታት ካብ’ዚ ዝዓበየ ኲይኑ ኣይፈልጥን።

እቲ ጎስጓስ ኣብ ኣልበርታ ምንባር ዘለዎ ብዙሕ ናይ ቀዋሚ ስራሕን (career) ቅዲ ኣነባብራን ብልጫታት ዘጒልሕን፣ እናደንፍዐ ዝኽይድ ዕዳጋ ስራሕ፣ ልዑል ደሞዝ፣ ኣብ ካናዳ ዝተሓተ ግብሪ፣ ንምኽፋሉ ዝከኣል ኣባይትን ዝተፈላለዩ ማሕበረ-ኮማትን ዝሓቖፈ ኢዩ።

“እቲ ሳልሳይ መድረኽ ኣልበርታ ትጽውዕ ኣላ (Alberta is Calling) ብዛዕባ ኣገዳስነት ሞያዊ ክእለት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ኣብ ቁጠባ ኣልበርታ፣ ከምኡ’ውን ንመጻኢና ዝምልከት ኣገዳሲ መግለጺ’ዩ። ብቕሊል ኣዘራርባ የድልዩና ኢዮም! እቲ ምንቅስቓስ ተውሳኺ ክፍሊት (Moving Bonus) ነቲ ብባጀት 2024 ኣቢልና እንገብሮ ዘሎና ሓያል ወፍሪታት ኣብ ትምህርቲ ሞያታት ዝምልእ ኢዩ። ብተወሳኺ፣ ንክኢላታት ሰራሕተኛታት ናብ ኣልበርታ ንምምጻእ ንኡድ ውሳነ ንኽወስዱ ዘተባብዕ ጨቡጥን ሓጋዝን ረብሓ ኢዩ።”

*ራጃን ሰውኒ፣ ሚኒስተር ዝለዓለ ትምህርቲ*

"ናይ ኣልበርታ ሞያዊ ክኢላታት ዝሓቱ ስራሓት ብዙሓት ንምእማኑ ዘጸግሙ ናይ ቀዋሚ ስራሕ (career) ዕድላት ይህቡ። ክፍለ-ሃገርና ብከም ኤየር ፕሮዳክትስን ዳውን (Air Products and Dow) ዝኣመሰሉ ፕሮጀክትታት

ኣቢላ ኣብ ስራሕ ዓቢ ዕብየት ከተርኢ ቀሪባ ኣላ። ሕጽረት ስራሕ ዘይብላ ጽብቕቲ ክፍለ-ሃገር ትደልዩ እንተኰንኩም፣ ናብ ኣልበርታ ንምምጻእ ጽቡቕ ግዜ ሕጂ ኢዩ።”

*ቴሪ ፓርከር፣፡ ፈጻሚ ዳይረክተር ስራሓት ህንጻ ኣልበርታ*

ባጀት 2024 ንኣልበርታ ትጽውዕ ኣላ ተንቀሳቓሲ ተወሳኺ ክፍሊት (Alberta is Calling Moving Bonus) 10 ሚልዮን ዶላር መዲቡ። እዚ ድማ ን2,000 ሰራሕተኛታት ኣብ'ቲ ሞያታት ናብ ኣልበርታ ንኽግዕዙን ንምንባር፣ ንምስራሕ፣ ወፍሪ ንምግባርን ስድራቤት ንምዕባይን ስለምንታይ ዝበለጸ ቦታ ከምዝኾነ ንክፈልጡን ይሕግዝ። ናይ ብቕዓት ረቛሒታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣልበርታ ትጽውዕ ኣላ (Alberta is Calling) ይርከብ።

# ቅልጡፍ ሓቅታት

- ኣብ ነሓሰ 2022 መንግስቲ ኣልበርታ ንሕጽረት ሰራሕተኛታት ንምፍታሕ ንምሕጋዝ ኣልበርታ ትጽውዕ ኣላ (Alberta is Calling) ዝብል ወፍሪ ኣበጊሱ።
  - መድረኽ/ገጽ 1፣ ኣብ ነሓሰ 2022 ዝተበገሰ ኰይኑ ናብ ምስሓብ ክእለት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ኣብ ክንክን ጥዕና፣ ጽላታት ሞያዊ ክእለትን ተክኖሎጅን ካብ ቶሮንቶን ቫንኩቨርን ዘተኰረ ኢዩ።
  - መድረኽ/ገጽ 2፣ ኣብ መጋቢት 2023 ዝተበገሰ ኰይኑ ናብተን ዝለዓለ መጠን ሽቕለት-ኣልቦነት ዘለወን ኣብ ኦንታርዮን ኣትላንቲክ ካናዳን ዝርከባ ዘባታት ዒላማ ዝገበረ ኢዩ።
  - መድረኽ/ገጽ 3፣ ካብ 1 ግንቦት ክሳብ 2 ሓምለ 2024 ዝካየድ ኰይኑ ኣብ ብሪቲሽ ኮሎምብያ፣ ኩቤክን ኦንታርዮን ኣብ ዝርከቡ ክኢላታት ሰራሕተኛታት ሞያ ዘተኮረ ኢዩ። እዚ መድረኽ/ገጽ ብስፍሓት ኣዝዩ ዝጸበበ ኰይኑ ንምንቅስቓስ ተወሳኺ ክፍሊት (Moving Bonus) ናብ ናይ ሞያ ክኢላታት ንምውዕዋዕ ኪኸውን ኢዩ።
    - መድረኽ/ገጽ 3 ናይ'ቲ ወፍሪ (campaign) ኣብ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ቀጽሪታት፣ ኣብያተ መግቢ፣ ቤት መስተን ቦታታ ምውስዋስ ኣካላትን (gyms) መወዓውዒ ምግባር፤ መወዓውዒ ብሬድዮ፣ ብቀጥታ ብኢንተርነት ብዝመሓላለፍን (streaming) ብማሕበራዊ መራኸቢታትን (social media)፤ ከምኡ'ውን ብዝተምሓየሸ መርበብ ሓበሬታ AlbertaisCalling.ca የጠቓልል።
    - መድረኽ/ገጽ 3 ናይ'ቲ ወፍሪ ኣስታት 2.5 ሚልዮን ዶላር ክውድእ ትጽቢት ይግበር።

## ተዛማዲ ሓበሬታ

- ኣልበርታ ትጽውዕ ኣላ

## ሕቶታት ንመራኸቢ ብዙሓን/ሚድያ (Media)

### ጆሽ ኣልድሪች

587-338-7509

ናይ ዜና፣ ረድዮን ተለቪዥንን ጸሓፊ (Press Secretary)፣ ስራሕ፣ ቁጠባን ንግድን